## 6) ክፍሊትን ጉድለት ዋጋን

ኩለን ኣብያተ መዋእለ ህጻናት ሓደ ኢዩ እቲ ወርሓዊ ክፍሊት። እቲ ዋጋ ድማ ዓመታዊ ምትዕርራይ ኣለዎ። ናይ ሎሚ ዓመት ዋጋ ንምፍላጥ መርበብ ሓበሬታ ናይ ምምሕዳር ኣረጋግጽ ወይ ከኣ ንዝያዳ ሓበሬታ ናባና ደውሉ።

ክፍሊት ዝጅምር ቆልዓ መዋእለ ህጻናት ምስ ጀመረ ኢዩ። ዋጋ ንናይ መግቢ ክፈላለ ይኽእል ኢዩ ኣብ ዝተፈላለየ መዋእለ ህጻናት ኣብ ገሊአን ድማ ትሕጃ ገንዘብ ይጠልባ ኢየን።

**ነፍሲ ወከፍ ዓቕሚ ክህልዎ ኢዩ ንመዋእለ ህጻናት! ናይ ሓንቲ ስድራ ኣታዊ ትሑት እንተ ኮይኑ ምቕናስ ወርሓዊ ክፍሊት ክግበረሉ ከመልክት ኣለዎ። እቶም ስድራ ብ ናሽ ዝምወሉ እንተ ኮይኖም ድማ፣ ሓገዝ ክፍሊት ን መዋእለ ህጻናት ክሽፈነሎም ምእንቲ ከመልክቱ ኣለዎም። ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ቆልዑ እንተ ኣለኩም ንኹሎም ኣይኮንኩምን ምሉእ ዋጋ ትኸፍሉ። ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ረኣዩ: [www.sandefjord.kommune.no](http://www.sandefjord.kommune.no).**

........................................................................

**ንዝያዳ ሓገዝ ወይ ሓበሬታ ወይ ምምልካት ብዛዕባ ቦታ መዋእለ ህጻናት እንተ ኣለኩም ሕተቱና.**

**ምምሕዳር ሳንድፍዩርድ, ተሌፎን: 33 41 60 00.**

[www.sandefjord.kommune.no](http://www.sandefjord.kommune.no).

SANDEFJORD KOMMUNE

TIGRINJA

# እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ናብ መዋእለ ህጻናት ሳንድፍዩርድ!

**መወዳእታ መመልከቲ መዓልቲ 1. መጋቢት (1. mars)**



ሕገ መዋእለ ህጻናት, §1:

*«መዋእለ ህጻናት ብ ምትሕብባርን ምርድዳእን ምስ ስድራቤት ነቲ ናይ ህጻናት ድልየታት ምንባይን ጸወታን ክዕቅቡ ኢዮም ከምኡ ውን ነቲ ትምህርታዊ ዕላማ ኣቐዲሞም መሰረት ምሉእነት ምዕባለን ንኽገብሩ ኢዮም»*

**ኣብ ኖርወይ ካብ 1-5 ዝዕድሚኦም ቆልዑት እቶም 92 ሚእታዊት ናብ መዋእለ ህጻናት ዝኸዱ ኢዮም። ካብቶም ካልእ ቋንቃ ኣደ ዘለዎም ድማ ናብ መዋእለ ህጻናት ዝኸዱ ብዝሓም ትሕት ዝበለ ኢዩ፣ ዳርጋ 81 ሚእታዊት። መዋእለ ህጻናት ምኻድ ግዴታዊ ኣይኮነን፣ ግን ከም ኣገዳስን መሰረት ናይ ስርዓት ትምህርቲ ኢዩ ዝሕሰብ።**

## 1) ጽቡቕ መሰረት ኢዩ ትምህርቲ ንዝጅምሩ

ኣብ መዋእለ ህጻናት ቆልዑ ክጻወቱን ንጡፋት ኣብ ውሽጢ ውሑስ ሃጹር ክኾኑ ይኽኣል ኢዩ። ብተወሳኺ ድማ ነቲ ናይ ምጅማር ትምህርቲ ጽቡቕ መሰረት ኢና ነንጽፈሉ።

መጽናዕቲ ከም ዝገልጾ፡ ብጀካ ኖሽክ ካልእ ቋንቋ ኣደ ንዝለዎም ኣብ ትምህርቲ ዝሓሸ ኢዮም ካብቶም መዋእለ ህጻናት ዘይከዱ።

ብጀካ ኖሽክ ካልእ ቋንቋ ኣደ ዘለዎም ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሮም ኖሽክ ክመሃሩ ኣገዳሲ ኢዩ። ነዊሕ ክወስድ ይኽእል ኢዩ። ስለዚ'ዩ ቀልጢፎም መዋእለ ህጻናት ክጅምሩ ኣገዳሲ ዝኾነ።.

ወለዲ እቲ ዝበለጸ ንደቆም በቲ ጽቡቕ ገይሮም ዝኽእልዎ ቋንቋ ክዛረቡ ምስኦም ዝበልጸ ኢዩ። ኩሎም ህጻናት ኣብ ኖሽክን ቋንቋ ኣደን ኣብ ጸወታ፡ ሓባራዊ ንጥፈታትን ጉጅለ ቋንቋን ሓገዝ ክሕገዙ ኢዮም፡ ኣብ ጸወታ፡ ሓባራዊ ንጥፈታት

ብቕዓት ድማ ኣለና ኣብ ምዕባለ ናይ ቋንቋ ናይቶም ቆልዑ። ከምኡ ውን ምስቲ ቋንቋውን ባህላውን ድሕረ ባይቶኦም ጽቡቕ ጌርና ከም ንፋለጥ ንገብር።

## 2) ምትሕብባር ምስ ስድራቤት

ምትሕብባር ኣብ ሞንጎ ስድራቤትን መዋእለህጻናትን ብ እምነትን ግሉጽነትን ዝተሃንጸ ክኸውን ኣለዎ።

ብ መዓልታዊ ምርኻባትን ውልቃዊ ዝርርብን፡ ብተወሳኺ ድማ ናይ ወለዲ ኣኼባታትን ብጽሑፋዊ ሓበሬታን እንዳ ገበርና ውን ን ስድራቤት ነሳትፎም።

ብዛዕባ ናይ ቆልዑ ንጥፈታት ዝግበሩ፡ ምዕባለኣዊ ዕብየትን ዘለው ብድሆታትን እቲ መዋእለ ህጻናት ን ስድራቤት ይሕብር ኢዩ። ምኽርን መምርሒን ነቶም ዝደልዩ ስድራቤታት ውን ክንህብ ንኽእል ኢና።

## 3) ምጅማርን ምልምማድን

መዋእለ ህጻናት ኣብ ሳንድፍዩርድ ሓደ ሓባራዊ ልሙድ ዝኾነ ናይ ምጅማር መደባት ኣለወን።

ኩሎም ቆልዑን ስድራቤትን ብዛዕባ እቲ መዋእለ ህጻናት እኹል ሓበሬታ ክወሃቡ ኢዮም ከምኡ ከኣ ነፍሲ ወከፍ ስድራን ቆልዑን ሓደ ዝከታተሎም ኣካል ይግበረሎም።

ነፍስ ወከፍ ቆልዓ ክርአን ክስማዕን ኢዩ። ከምኡ ከኣ ከከም ጠለባቶም እቲ ትሕዝቶ ናይ መዋእለ ህጻናት ብዝሰማማዖም ኣገባብ ክወሃቦም ኢዩ።

## 4) ሓደ ጽቡቕ ዕድል ኢዩ

ኣብ ምምሕዳር ሳንድፍዩርድ ከባቢ 60 መዋእለ ህጻናት ኣለዉ። እተን መዋእለ ህጻናት ድማ ሓደ ሓላፊ፡ መምሃራን፡ ናይ ሞያ ሰራሕተኛታትን ተሓጋገዝትን ይርከበን። ኩለን ኣብያተ መዋእለ ህጻናት ብመሰረት ሕገ ኖርወይ ናይ መዋእለ ህጻናት ኢየን ዝካየዳ።

ብ መሰረት እቲ ሃገራዊ ካሪክለም ናይ መዋእለ ህጻናት ትሕዝቶ በዘን ዝስዕባ ክብርታትና ዝተሃንጸ ክከውን ኣለዎ፡ ዴሞክራሲ፡ ብዙሕነትን ሕድሕዳዊ ኣኽብሮትን፡ ማዕርነትን ማዕረ ክብርታትን፡ ንወለዶታት ዘጸንሕ ምዕባሌታትን ጥዕናን ሂወት ምምካትን።

ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ቆልዑ ኣብ ሓባራዊ ጸወታን ንጥፈታትን፡ ሓባራዊ ጠዓሞት፡ ንጥፈታት ብጉጅለ፡ ናይ ምንባብን ምዝማርን ግዜ፡ ከምኡ ውን ካብ ቴማ ዝተበገሰ ፕሮጀክታት ኣብ ደገን ውሽጥን ይሳተፉ ኢዮም።

ቆልዑ ውን ምስቲ ዝተፈላለዩ ሃይማኖተኣውን ባህላዊ በዓላትትን ይፋለጡ ኢዮም፡ እዚ ዝኾነሉ ድማ ብዘይ ሃይማኖታዊ ምብዓልን ወይ ኣስተምህሮን ኢዩ።

እዚ ዓውደ ትምህርቲ ናይ መዋእለ ህጻናት ኢዩ:

- ዝርርብ፡ ቋንቋን ጽሑፍን
- ሰብነት፡ ምንቅስቓስ፡ መግብን ጥዕናን
- ስነ-ጥበብ፡ ባህልን ፈጠራታትን
- ባህርያዊ ጻጋ፡ ከባቢን ቴክኖሎጂን
- ብዝሒ፡ ክፍልታትን ቅርጽታትን
- ስነ-ልቦና፡ ሃይማኖትን ፍልስፍናን

ቀረባ ከባቢን ሕብረተሰብን

## 5) መመልከቻ መዋእለ ህጻናት

ቦታ ኣብ መዋእለ ህጻናት ክትረክብ ተመልክተሉ መወዳእታ መዓልቲ ዕለት 01. መጋቢት ነፍሰ ወከፍ ዓመት ኢዩ።

መዋእለ ህጻናት ኣብ ሳንድፍዩርድ ሓባራዊ ናይ መመልከቲ ኤለክትሮኒካዊ ፎርም ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ይርከብ፡ www.sandefjord.kommune.no/skole-og-barnehage.

ኣብቲ መርበብ ሓበሬታ ድማ ካርታ ናይቲ መዋእለ ህጻናት ዝርከቦን ሓበሬታ ብዛዕብኡን ናይ ነፍሲ ወከፍ ይርከብ። ብተወሳኺ ውን ብቐጥታ ናብቲ መዋእለ ህጻናት ንዝያዳ ሓበሬታ ክትድውል ይከኣል ወይ ብኣካል ክትበጽሖ ቆጸራ ግበሩ።

ኩሎም ቆልዑ ቅድሚ ዕለት 01.መጋቢት ዘመልከቱ ኣብ ናይ ክረምቲ ሰሚስተር ናይታ ዓመት ቦታ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም፡ እዚ ድማ እቶም ቆልዑ ሓደ ዓመት ዝመልኡ እንተ ኮይኖም ቅድሚ 01.ታሕሳስ።

ናይ ቦታ ዕድል ምስ ረኸቡ ደቅኹም፡ ሓበሬታ ናይ ምጅማር ውን እንከላይ ይወሃቦም። እዛ ዕድል ድማ ክሳብ ዝጅምርን ወይ ኣይደልን ኢየ ኢልካ እንተ ገዲፍካዮ ኢዩ።

ድሕሪ ዕለት 01.መጋቢት ከተመልክት ውን ይከኣል ኢዩ፡ ግን ክትጽበ ኣለካ ንዝተወሰነ ግዜ ክሳብ ነጻ ቦታ ዝርከብ።